# ሰንበት ዘጰራቅሊጦስ

## ግንቦት 27 2015 ዓ.ም. (6/4/2023)

**መዝሙር፡ ይትፈሣሕ ሰማይ ወትትሓሰይ ምድር. . . .**

**ጰራቅሊጦስሀ እፌኑ ለክሙ ዘኢይክል ዓለም ነሢኦቶ መንፈሰ ጽድቅ ጰራቅሎጦስ**



ንባባት፡ 1ቆሮ 12፡3-13፥ 1ጴጥ. 1፡1-5፥ግ.ሓ. 2፡ 1-11፥ ዮሓ. 20፡19-23።

ስብከት፡

1.ወመንፈስከ ቅዱስ ኢታውጽእ እም ላዕሌየ እስየኒ ፍሥሓ ወአድኅኖተከ ወመንፈሰ ዓዚዝ አጽንዓኒ" "ቅዱስ መንፈስካውን አይተግድፈኒ፥ ሓጎስ መድኃንካ ምለሰለይ፥ ፈትየ ክእዘዘካ ደግፈኒ" መዝ. 51፡11-12.

2. ዛቲ ዕለት እንተ ገብረ እግዚአብሔር፥ ንትፈሳህ ወንትሓሰይ ባቲ፥ ኦእግዚኦ አድኅንሶ እታ እግዚአብሔር ዝገበራ መዓልቲ እዚኣ እያ፥ ብእኣ ንተሓጎስን ባህ ይበለናን፥ ኦእግዚኦ ኣዓውተና መዝ. 118፡24

ጰንጠቆስጠ ማለት ሓምሳ፥ ሸውዓተ ሶምን እተደመሮ ሓደ መዓልቲ፥ ሓምሳ መዓልታት ድሕሪ ትንሣኤ ማለት እዩ። አይሁድ ሻቮት Shavuot ብዓል ሶሙናት፥ ብዓል ቀውዒ ወይ ብዓል መጀመርያ ፍረ አብ ጊዜ ቀውዒ ይብልዎ። ዝኾነ ስም ወይ ትርጉም ንሃቦ ብዓል ጰራቅሊጦስ ዘመልክቶ ናይ ምጽባይ መጨረሻ ጊዜ ከም ዝበጽሐን ናይ ሓደ ብተስፋ ዝጽበይዎ ዝነበሩን ምእንትኡ ኢሎም ሓደ ነገር ዝገበሩሉ አብ ፍጻሜ ከምዝበጽሐ ዘርኢ እዩ። ንአይሁድ ናይ እዋን ቀውዒ መጀመርያ ፍርያት እዩ፥ ንክርስትያን ብተመሳሳሊ ናይ ኢየሱስ ዓበይቲ ስራሓት፥ ናይ ሕማማቱ፥ ናይ ሞቱን ትንሣኤኡን መጀመርያ ፍረ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ዝወረደሉ እዩ።

አብዚ ንኹልና አመንቲ ሓደ ትምህርቲ አሎ ማለት አብ ሕይወት ምጽባይ ዝብሃል አሎ። ከምቲ ሓዋርያት ዝተጸበይዎ ምጽባይ፥ እናጸለኻ ምጽባይ ብምሉእ ልብኻን አእምሮኻን አብቲ እትጽበዮ ገርካ ምጽባይ። ንሓምሳ መዓልቲ ተጸቢና ሎሚ ነብዕል አሎና። "ሓዋርያት ኩሎም ኃቢሮም ብሓንሳእ አብ ሓደ ቤት ነበሩ" ይብለና ግ.ሓ.። እዚ ፍሉይን ዓቢ ነገርን የስምዕ። ገለ ሰባት ምስ ከምኦም ዘመሰሉ ሰባት ክእከቡ ክጽልዩ ጥቕሙ አይርእይዎን፥ ሰንበት ሰንበት ብሓባር አብ መአዲ ክርስቶስ ምጽንባር አድላይነቱ አይርእይዎን። ዳርጋ አብ ቤት ክርስትያን ምጽላይ አየድልን ይብሉ። እዚ ግን ከም ንሓደ ሰብ አብ መርዓ ወይ ቀብሪ ሓውካ/ሓፍትኻ አይመጽእን እየ ከም ምባል እዩ። አይመጽእን ንዝበለ እንታይ ከም እንብሎ ወይ ብኸመይ ከም እንርእዮ ኩልና ንፈልጦ ኢና።

እቶም ሓዋርያት ብሓደ ተአኪቦም ነበሩ፥ ኢየሱስ እውን አብ ብዙሕ አጋጣሚ ይእከብ ነሩ። ሓዋርያት አሰር መምህሮምን ስርዓት አይሁድን ብምኽታል አብ አብያተ ጸሎታት አይሁድ አብ ነፍሲ ወከፍ ቀዳም ይእከቡ ነሮም። አድላይን ከምዝኾነን እኳ ድአ ፍሉይ ነገር ከምዝኾነ ርእዮሞ ይእከቡ ነሮም። ሎሚ እውን አሽሓት ከየቋረጽና ሰንበት ሰንበት ብሓደ ንእከብ። አብ ምእካብ ብዙሕ ቍምነገር አሎ መጀመርያ ንአምላኽ ክትሰምዕ ዕድል ይህበካ፥ ንኸማና ሰብ ክንረክብ ባብ ይኸፍት፥ ጸገማት አብ አኽባ ይፍትሑ፥ አብ አኽባ ብዙሕ ትፍልጥ፥ ምእካብ ሓይሊ ይህበካ አብ

እንስሳ እኳ ብሓንሳብ እንተለዋ ዋኒን አይደፍረንን አሸንኳ ሰብ። አብ ዝሓበረ ህዝቢ ጸገም ብዙሕ አይኮነን አብ ዝተፈላለየ አመት አድሕድ አብ ዘይብሉ ግን ጥፍአት ምብትታን አሎ። ሓዋርያት አብቲ ጽንኩር እዋን ብሓደ ነሮም ኩሉ ጊዜ ብሓደ መንፈስን ልብን ይጉዓዙ ነሮም እዚ ግን ዝተፈላለየ ርኢቶ ጠባይ አካይዳ አይነበሮምን ማለት አይኮነ። ልዕሊ ኹሉ ንኢየሱስ አንቢሮም ይጉዓዙ ስለ ዝነበሩ ፍልልያቶም ክፈትሑ ጸገም አይነብሮምን። እዚ አብ ብዓል ጰራቅሊቶስ ብዝያዳ ብግሉጽ ንርእዮ።

አብ ቋንቋ አይሁድ ቤተ ክርስትያን ዝብል ቃል ክንርእዮ ከሎና “ምእካብ” እዩ ዘስምዕ። አባል ቤተ ክርስትያን ማለት ተአኪብካ ምኻእል ማለት እዩ። ክርስትያን ክንእከብ ብሓደ ኮና ንአምላኽ ክንዝክር ክንጽሊ ባህርና እዩ። ሃይማኖትና ናይ በይንኻ ጥራሕ ገርካ እትርእዮ አይኮነን። በይንኻ ብዘይ ብጻይ ምኺን ናይ ክርስትያን አይኮነን። ንሕና ህዝቢ እግዚአብሔር ኢና ከነምልኾ ኢልና ኻአ ብሓባር ንእከብ። ስለዚ እዩ ኩሎም ሓዋርያት ብሓባር መንፈስ ቅዱስ ክወርድ እንከሎ ብሓባር ተአኪቦም ዝነበሩ።

ዓሰርተ ሓደ ሓዋርያትን ምስ ገሊኤን አንስትን ምስ ማርያም አደ ኢየሱስን ምስ አኅዋቱን ሓቢሮም ክጽልዩ እንከለዉ አብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፎም መንፈስ ቅዱስ ወሪዱ። አብ ሓደ ቤት ምስተአከቡ፥ አብ ሓደ ልብን አእምሮን መንፈስን ምስ ኮኑ መንፈስ ቅዱስ ወሪድዎም። ብሃንደበት ከአ ኸም ሓደ ብርቱዕ ሃቦብላ ንፋስ ካብ ሰማይ ድምጺ መጸ ነታ ተቐሚጠምላ ዝነበሩ ቤትውን መልአ። ንሳቶም አብ ሓደ ቤት እዮም ነሮም ግን ድምጺ ንፋስ ንምልእታ እታ ቤት መልአ። ካብዚ እንታይ ክንብል ንኽእል? እንታይ እዩ ሉቃስ ክብለና ደልዩ ዘሎ? ነቲ ማርያም መግደላዊት ሓደ እዋን ንእግሪ ኢየሱስ በቲ ክቡር ጨና አልባስጥሮስ ዝቐብአቶ እሞ እቲ ዝነበርዎ ቤት በቲ ጽቡቕ ጨና ዝመልአ (ሉቃ 12፡3) ከምኡ ክሕብረና ኢሉድዩ?

ብዙሕ ምምርማር አየድልን እዩ ብሕጽር ዝበለ መንፈስ ቅዱስ ከም ክቡር ምኡዝ ጨና፥ ጨና ሓቀኛ ፍቕሪ አብ ሓደ ቤት ጥራሕ ዘይኮነ አብ ኩሉ ከበጽሕ እዩ ዝድሊ። እቲ ኢየሱስ ዘምጽአ ምዑዝ ጨና ፍቕሪ አብ ኩሉ ክኾርንዓት ዓለም ክበጽሐ ኩሉ ፍጡር ከስተማቕሮ አቐዲሙ ነጊሩ ነሩ እዩ (ማር 13፡9) ። መንፈስ ቅዱስ አብ ሓደ ቤት ምስተአከቡ ወሪዱ እቲ ዝነበርዎ ቤት ከአ ብድምጺ ንፋስ መሊኡ ይበለና። ንአምላኽ ዝበቅዕ ሕይወት እንተ ለበስና እሞ ብሓደ እንተ ጸለና መንፈስ ቅዱስ ብጸጋታቱ ክመልአና አይጽግሞን እዩ። ሕይወትና ክነጽሕ ካብቲ መኸላእታ መንፈስ ቅዱስ ኾይኑ ዘሎ ክንወጽእ እሞ አብቲ መንፈስ ቅዱስ ዝመልአ ቤት ክንአቱ ሎሚ እዋኑ እዩ።

አብቲ ተአኪቦምሉ ዝነበሩ ቤት አብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፎም ልሳን ሓዊ ዝመስል ድማ ተራእዮም፥ ተመቓቒሉ ኸአ አብ ልዕሊ ነፍስ ወከፎም ዓለበ ይብል። አብዚ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ አብ ልዕሊ ነፍስወከፎም ከመይ ኢሉ ከምዝወረደ እዩ ዝገልጸልና። ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ኩሉ ስልጣን ሂብዎም ንስኹም ዝአሰርክምዎ እሱር ንስኹም ዝፈታሕክምዎ ፍቱሕ እናበለ ስልጣን ሓላፍነትን ሂብዎም። ሓዊ ህላዌ አምላኽ አብ መንጎ ህዝቡ እዩ ዝገልጽ። አብ ብሉይ ኪዳን እንተ ረኤና አብ ዘጽአት ንሙሴ አብ ደብረሲና አብቲ ዝነድድ ዝነበረ ሓዊ ተርእይዎ፥ ንእስራኤላውያን አብ ጉዕዞ ምድረ ተስፋ ብለይቲ ብሓዊ ብነደ እሳት ይመርሖም ከምዝነበረ ነንብብ እዚ ኹሉ አምላኽ ምስኦም ከምዘሎ ንምግላጽ እዩ። አብ መዓልቲ ጰራቅሊቶስ ብአምሳል ሓዊ አብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፎም ወሪዱ። እዚ ዝነግረና ሎሚ እውን አብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፍና ከምዝወርድ ሓንትስ አብ ሓደ ቤት አብ ሓደ መንፈስ ንሃሉ እምበር። ንነፍስወከፍና ነናትና ህያብ ተዋሂብና ኢና ዘሎና።

ሓዋርያት አብ ልዕሊ ነፍሲወከፎም መንፈስ ቅዱስ ምስ ዓለቦም ብኻልእ ቋንቋታት ኪዛረቡ ጀመሩ። ናይ ምዝራብ ህያብ ተዋህቦም እዚ መጀመርያ ህያብ መንፈስ ቅዱስ እዩ። አብዚ

ክንዝክሮ ዘሎና እቲ ኣብ ልዕሊ ሓዋርያት ዝዓለበ እቲ ኣብ ልዕሊ ማርያም ዘጽለለ ቃል ኣምላኽ ኣብ ከርሳ ሓዲሩ ከማና ሰብ ዝገበረ እዩ። ኣብ ማርያም እቲ ቃል ሥጋ ኮነ ኣብ ልዕሊ ሓዋርያት ቋንቋ ኮነ። ኢየሱስ ቃል ኣምላክ ንርእሱ ሰናይ ዜና ሓዋርያት ክሰብከዎ ዝጀመሩ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ኣብቶም መንፈሳውያንን ብሓቂ ዝጉዓዙን ጥራሕ እዩ ዝሓድር።

ሓዋርያት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊኦም ምስ ወረደ ነቲ ህዝቢ ክሰብኩ ጀሚሮም፥ ኩሉ እቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ተኣኪቡ ዝነበረ በብቋንቋኡ ይሰምዖም ነበር ይብለና ሉቃስ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ባቢሎናውያን ዝተፈላለየ ቋንቋ መፈላለዪ ምኽንያት ናይ ዘይምርድዳእ ኮይንዎም። ኣብ መዓልቲ ጳራቕሊጦስ ግን ምኽንያት ሓድነት ኮይንዎም። ሓዋርያት ወላ እኳ ዝተፈላለየ ቋንቋታት ናይ ምዝራብ ህያብ ይንበሮም ኩሎም ኣብቲ ቦታ ዝነበሩ በብቋንቅኦም እዮም ዝሰምዕዎም ዝነበሩ። ኣብዚውን እንርእዮ እንተሎ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ ሓድነት እዩ። ስብከት ሓዋርያት ሓደ ወንጌል ብኹሉ ቋንቋታት ክዝረብ እዩ። በቲ እንፈልጦን እንሰምዖን ቋንቋ ክንገረና እንከሎ ምድናቕ መንፈስ ይፈጥረልና።

ኣብ ወንጌል ዮውሓንስ ፍሉይ ዝበለ ነገር ንርኢ መጀመርያ ኣብ መዓልቲ ትንሣኤ እዩ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ሓዋርያት ዝወርድ። ኣብዚ ኩሉም ብሓደ እንከለዉ ኢየሱስ ከምዝመጽኦም ይነግረና። ብሓደ ምኺን ኣምላኽ ኣብ መንጎና ከምዝሓድር ይገብሮ። “ክልተ ወይ ሰለስተ ብስመይ ተኣኪቦምሉ ኣብዘለዉዎ ኣነ ኣብ ማእከሎም ኣሎኹ” ይብለና። ሓዋርያት ብሓንሳብ ምስተኣከቡ ወሪድዎም። ብሓንሳብ ከለዉ ብሃንደበት “ሰላም ምሳኻትኩም ይኹን” እናበለ ከምዝመጽኦም ነንብብ። ኢየሱስ ኣብዘለዎ ሰላም ኣሎ። ኣብ ሕይወትና ቦታ ክንህቦ እንከሎና ንኹሉ ስቓይን ጭንቅን ሓዲግና ሰላም ፍቕሪ ቅሳነት ንረክብ። ሓዋርያት ኢየሱስ ኣብ መንግኦም ክርከብ እንከሎ ኩሉ ይሕደሶም ነሩ ሎሚ ኣብ መንጎና ንዓድሞ።

መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ እናበለ ኡፍ ኢልሎም ይብለና፥ ኣብ ዘፍጥረት እግዚኣብሔር ንቀዳማይ ፍጥረት ብእስትንፋሱ ሕይወት ከምዝሃቦ ይነግረና ሓዲስ ሕይወት ተፈጢሩ። ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ኡፍ እናበለ መንፈስ ቅዱስ ከውርደሎም እንከሎ ሓደስቲ ፍጥረት እዮም ኮይኖም። መንፈስ ቅዱስ ምስተቐበሉ ተልእኮን ስልጣንን ተዓዲሎም፥ ብስሙ ኩሉ ክገብሩ ተፈቒድሎም። ነቲ ኢየሱስ ዝገብሮ ዝነበረ ክገብሩ ሓላፍነት ተቐቢሎም።

ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ተልእኮ ሓዋርያት ንሰውነት ክርትስቶስ ዝኾነት ቤተ ክርስትያን ከሕውይዋ ክሕድስዋ ሕይወት ክህብዋ እዩ። ኢየሱስ ኣብ ዓለም ዝመጽአ ንሕና ሕይወት ክንረክብ ኣብ ጸጋ ኣምላኽ መታን ክነብር እዩ። ሎሚ ነዛ ሰውነት ኢየሱስ ዝኾነት ቤተ ክርስትያና ሓካይማን ፈወስታን ንሕና ኢና። ነቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተዋህበና ጸጋ ተጠቒምና ከይትሓምም ከይትፈላለ፥ ከይትደክም እንኣልያን እንሕግዛን ንሕና ኢና። ኣብቲ እንወፍሮ ተልእኮ ወንጌል ነፍሲ ወከፍና ነናትና ህያባት ዝተወሃብና ኢና። ህያባትና ዝተፈላለየ ዓላማናን ትምህርትናን ግን ሓደ እዩ። ከምቲ ቅ. ጳውልስ ዝብለና ዝተፈላለየ ኣካላት ሰውነትና ዘሎና ግን ኣብ ሓደ ሰውነት ዝኾነ ከምኡ ኢና። ነዚ ኣምላኽ ዝሃበና ህያባት ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽን ኣሕዋትና ክነውዕሎ ትሑዛት ኢና።

ብዓል ጳራቅሊጦስ ናይ ተሓድሶን ናይ ተልእኮን ዕለት እዩ። ንኢየሱስ ክንልኣኽ እሺ ኢልና መንፈሱ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ እንቕበለሉ ከምኡ ወንጌሉ ኣብ ኩሉ እነብጽሓሉ ዕለት እዩ። ቀዳሲና ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ልብና ሕይወትና ማኅደሩ ክንገብሮ ክሕግዘና እና ጸለና ብዓልና ነኽብር።

ብሩኽ በዓለ ጳራቅሊጦስ

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ